# ሱዳናውያን ብኣእምሮን ዓቕልን ክግዝኡ ኣለዎም

## ተበግሶ ጎረባብቲ ሃገራት ዝሓሸ መገዲ ድሕነት



*መሓመድኑር ያሕያ*

ኲናት ሱዳን ራብዓይ ወርሒ ኣትዩ፡ ኣገዳሲ መሰረታት እታ ሃገር ብምንዋጽ ነታ ሃገር ንድሕሪት መሊሱዋ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ኣስታት ሰለስተ ሚልዮን ሰባት መረበቶም ገዲፎም ክፈናቐሉ ከለው፡ ልዕሊ 700,000 ሰባት ካብታ ሃገር ወጺኦም። ልዕሊ 3500 ሂወት ሰላማውያን ተቐዚፉ፡ ልዕሊ12,500 ድማ መጉዳእትን ስንክልናን ኣጋጢሙዎም። መሰረተ ልምዓት እታ ሃገር ይዓኑ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 50 ቢልዮን ዶላር ዝኸውን ቁጠባዊ ዕንወት ከምዘጋጠመ ይግመት። እዚ ኮይኑ፡ ህዝቢ ሱዳን ገና ኣብ ትሕቲ ስግኣት ደብዳብ ነፈርቲን መዳፍዕን ይነብር ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህሞት ዝኸፍአ መዓት ከይገጥሞ ይሰግእ። ርእሰ ከተማ እታ ሃገር ይኹን ዞባታት ዳርፉርን ኩርዶፋንን ውሑስ ስለዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣንጠጥዩ ዘሎ ሓደጋ ገና ከቢድ እዩ።

ነቲ ውግእ ደው ንምባል ጻውዒታት እኳ ክቐርብ እንተጸንሐ፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ከርቱም ሕጂ'ውን ዕለታዊ ውግኣት ይካይድ ኣሎ። ኣብ መንጎ ሰራዊት ሱዳንን ሓይልታት ቅልጡፍ ደገፍን ዕርቂ ንምፍጣርን ነቲ ሽግር ንምፍታሕን፡ ካብ መፋርቕ ሚያዝያ ጀሚሩ፡ ኣብ ጅዳ ይኹን ኣብ ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኢጋድ፡ ብፍላይ ድማ ካይሮ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዘአንገደቶ ዋዕላ ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳን ጻዕርታት ተኻዪዱ'ዩ። ክሳብ ሕጂ ዝመጽአ ፍታሕ ግን የለን። ሓደጋ ምስፍሕፋሕ ኲናት ኣየቋረጸን። ብሰንኩ ዝስዕብ ዘሎ ጸጥታውን ሰብኣውን ሳዕቤናት ገና ይቕጽል ኣሎ።

ኣብዚ ዳሕረዋይ ተበግሶ ጎረባብቲ ሃገራት፡ መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ ሱዳን ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ብኸመይ ክግታእ ይኽእል፡ ህዝቢ ሱዳን ካብዚ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ዘሕዝን ኩነታት ወጺኡ ብኸመይ ናብ ዝሓሸን ሰላማውን መድረኽ ይሰጋገር ዘትዮም። እቶም መራሕቲ፡ ቀጻሊ ውግእን ሰፊሕ ምብስባስ ህዝቢን ብደረጃ ዞባን ዓለምን ዓሚቝ ስክፍታ ዝፈጥር ምዃኑ ብምጉላሕ፡ ምስ ኣኽብሮት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን፡ ኣገዳስነት ምዕቃብ መንግስቲ ሱዳንን ወተሃደራዊን ሲቪላዊን ትካላቱን ዓቕምታቱን ልዑል ኣተኩሮ ብምሃብ፡ ነቲ ጉዳይ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ተቐቢልካ ኣብ ምፍትሑ ዝከኣል ምትሕግጋዝ ንምግባር ተረዳዲኦም። ህልዊ ቅልውላውን ሰብኣዊ ሳዕቤናቱን ከቢድ ምዃኑ ብምግንዛብ ድማ ኩሎም ወገናት ማሕበረሰብ ዓለም፡ መግቢ መደሃኒትን ካልእ ህጹጽ ረድኤትን ንምቕራብ ጻዕርታቶም ከዛይዱ ጻውዒት ኣቕሪቦም። ብኣፍልጦን ምትሕብባርን ጎረባብቲ ሃገራት ከኣ ንህዝቢ ሱዳን ዝወሃብ ሰብኣዊ ሓገዛት ብልሙጽ መገዲ ዝኣትወሉ ባይታ ንምፍጣር ተሰማሚዖም። ጎነጽ ደው ኢሉ፡ ፖለቲካዊ ፍታሕ ንምምጻእ ከኣ፡ ንኹሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ወገናትን ሱዳን ዝሓቁፍ ዘተ ንምጅማር ድማ፡ ብደረጃ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳን ሓደ ኣልያ (መካኒዝም) ኣቝሞም ኣለዉ። እቲ ቀይሙ ዘሎ ኣካል ፈላሚ ኣኼባኡ ኣብ ሪፑብሊክ ጫድ ከካይድ ድማ ወሲኖም። ውጽኢት ኣኼባ ካይሮ ኩለን ውድባት ሱዳን ብሓጎስ ተቐቢለንኦ ኣለዋ። ካብ ዞባዊ ሓይልታት እውን ተቐባልነትን ደገፍን ረኺቡ ኣሎ።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ቀቅድሚ እቲ ዋዕላ፡ ኣብቲ ዋዕላ ንዝሳተፉ መራሕቲ ሃገራት፡ ኤርትራ ውግእ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኤርትራ እቲ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ከይዓርግ ስግኣት ከምዝነበራ፡ በዚ ድማ ሓድነት ሱዳን ብዘውሕስ መገዲ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ሒዛቶ ዝጸንሐት ጽኑዕ መርገጺን በዚ ኣመለኻኽታ'ዚ ከተካይዶ ዝጸንሐት ጻዕርታትን ብዝምልከት መብርሂ ምሃቡ ይፍለጥ። ኣብ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ተመሳሳሊ መርገጺ ከምዘሎ ብምስማር ከኣ፡ እቲ ጉዳይ ብቐንዱ ናይ ሱዳናውያን ኮይኑ፡ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብርኦ ምትሕብባር ሓጋዚ ምዃኑ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት እታ ሃገር ምትእትታው ምግባር ግን ነቲ ጸገም ዝሓላልኽ እምበር ክፈትሖ ከምዘይክእል ኣተሓሳሲቡ። ከነታት ሱዳን ብሰላምን ርግኣትን ምእንቲ ከዓርፍ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳን ብሓባር ክጽዕታ ድማ ጸዊዑ። ጎረባብቲ ሃገራት ንጹር ኣገባብ ብምኽታል ወተሃደራዊ ምትፍናን ብዝቐልጠፈ ተወጊዱ፡ ንኹሉ ዘሳተፍ ናይ ዘተ ፖለቲካዊ መድረኽ ብምፍጣር፡ ኣብ ምርግጋእ ሱዳን ኣበርክቶ ክገብራ ዓቕሚ ከምዘለወን ብምጉላሕ ከኣ፡ ተበግሶኣን ብዕቱብ ክርኣን ክድገፍን ከምዝግባእ ኣስሚርሉ። እቲ ተበግሶ ዕውት ክኸውን ተፈጢሩ ዘሎ ኣልያ (መካኒዝም) ከም ሓደ

ኣካል ኮይኑ ክሰርሕ፡ ብደገ ዝግበር ደገፋትን ዝወሃብ ሓገዛትን እንተሎ ከኣ፡ ብመገዲ'ቲ መካኒዝም ጥራይ ክኸውን ድማ ኣተሓሳሲቡ።

ጉዳይ ሱዳን ንምፍታሕ ብሚኒስተራት ኅረባብቲ ሃገራት ቀይሙ ዘሎ ኣካል እምበኣር፡ ፖለቲካዊን ጸጥታዊን ሰብኣዊን ሽማግለታት ብምቛም፡ ምስ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሕብረተሰብኣዊ ኣካላትን ዝግበር ርክባት ዘመቻችእ ፈጻሚ ውጥን ስራሕ ብምምዕባል፡ ኲናትን ምብትታንን ዘወግድ፡ ምርግጋእ ዝፍጥር ሓድነት ሱዳንን ባህጊ ሱዳውያንን ዘረጋግጽ፡ መንግስቲ ሱዳንን ዓቕምታቱን ንምዕቃብ ዝኽእል፡ ኩሉ መዳያዊ ፖለቲካዊ መስርሕ ንምጅማር ባብ ስለዝኸፍት፡ ውጽኢት ዋዕላ ካይሮ ከም ኣገዳሲ ዕድል ክቑጸር ዝኽእል እዩ። ብተወሳኺ እዚ ዋዕላ'ዚ ብዝተፈላለዩ ውድባት ሱዳን ዝድገፍ፡ ብኣፍሪቃዊ ሕብረትን ማሕበር ሃገራት ዓረብን እውን ተቐባልነት ዝረኸበ ብምኻኑ ዓቢ ተስፋን ዕድልን ዘለዎ እዩ።

ቀዳማይ ዕማም ናይዚ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ፡ ምቁራጽ ኲናት ክኸውን ግዴታ እዩ። ምኽንያቱ ኲናት እንተቐጺሉ ሰዓርን ተሰዓርን ዘይብሉ ሃዋህው ብምፍጣር ንሱዳን ናብ ሕንፍሽፍሽ ኣእትዩ ንድሕሪት ክመልስ እንተዘይኮይኑ ካልእ ፋይዳ ክርከቦ ኣይክእልን። እዚ ኲናት'ዚ ንሱዳን ከቢድ ዋጋ ከኽፍላ ዝኽእል እዩ። ምስ ስፍሓትን ብዙሓዊ ኣቃውማን እታ ሃገር ናብ ክትግምዖ ዘጸግም ማዕሙቕ ከውርዳ ዝኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ንኹለን ውድባት ሱዳን ዝሓቁፍ ዘተን ኩሉ መዳያዊ ፖለቲካዊ መስርሕን ንምጅማ ውግእ ደው ንምባል ግብራዊ ስጉምቲ ክውሰድ የድሊ። ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተራእየ እናሻዕ ዝጥሓስ ምቁራጽ ተኹሲ ዘይኮነ ድማ ቀዋሚ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክኸውን ይግባእ። እዚ ብሚኒስተራት ዝቼም ኣልያ እምበኣር፡ ጌጋታት ናይ ኣቐዲሙ ክህቀን ዝጸንሐ'ሞ ውጽኢት ዘየምጽአ ተበግሶ ኣጽኒዑ፡ ናብ ቀዋሚ ምቁራጽ ተጻብኦታት ዝብጽሓሉን ፖለቲካዊ መስርሕ ንምጅማር ዝኽእል ባይታ ክፈጥር ክኽእል ኣለዎ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ ተበግሶ'ዚ ዘምጽኦ ፍታሕ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ምዕራብ ሰሜንን ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ሽግራት ንምፍታሕ ከም ሞዴል ከገልግል ይኽእል'ዩ ምባሉ ከኣ ክንየ'ዚ ዘሎ ጸገማት ኣርሒቑ ብምጥማት እዩ።

ክውንነት ሱዳን በዚ ዘለዎ እንተቐጺሉ ጂኦፖለቲካዊ ክውንነት ሱዳን ብሄራዊ ኣቃውማኣን ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 40 ዓመታት ዘድመያ ነዊሕ ኲናት ሓድሕድን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብደረጃ ዞባን ኣህጉርን ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘለዎ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሎሚ ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ እቶም ኣብ ሓድነትን ምርግጋእን ሱዳን ዝኣምኑ፡ ብዝኾነ ይኹን ዋጋ ነቲ ኲናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምውዳእ ክጽዕሩ የድሊ ኣብ መወዳእታ ግን፡ መፍትሒ ቅልውላዋትን ጸገማትን ሱዳን ካብ ወጻኢ ዝመጽእ ዘይኰነስ፡ ብሱዳናውያን ዝመጽእ ምኻኑ ክስመረሉ ይግባእ። ናይዚ ኅረባብቲ ሃገራት

ወሲደንኦ ዘለዋ ተበግሶ ድማ ብቐንዱ ሱዳናውያን ኣኽኣሊ ባይታ ንኽረኽቡ ምትሕብባር እዩ።